CROIX-ROUGE FRANÇAISE

RETABLISSEMENT DES LIENS FAMILIAUX



# መስርሕ ናይ ስድራ-ቤታዊ ጥርናፈ

Cofinancé par l'Union européenne

IFRC

# መስርሕ ናይ
# ስድራቤታዊ ጥርናፈ




እዛ ንእሽቶይ መጽሓፍ ከምቲ  ነቲ ኣብ ፈረንሳ ተዓቒቡ ዘሎ ሰብ ከምኡውን ነቲ ኣብ ወጻኢ ዘላ ኣባል ስድራ ቤት ዝዓለመት'ያ, ነፍሲ ወከፍ ሰብ ኣብቲ መስርሕ ዝጻወቶ ተራ ዘለዎ።

# ስድራ-ቤታዊ ጥርናፈ,
## እንታይ እዩ፧

**ሓደ ተኽእሎ ኮይኑ ኣባላት ስድራ-ቤትኩም ኣብ ፈረንሳ ንኽመጽኹም ናይ ነዊሕ መቐመጢ ቪዛ ሕቶ ንኽቕርቡ የኽእሎም።**

**ልዕሊ ዕድመ እንተ ደኣ ኾይንኩም,** መጻምድትኹም/ኹምን ትሕቲ ዕድመ ደቅኹምን ዘይተመርዓዉ ደቅኹምን (ትሕቲ 19 ዓመት) ክተምጽኡ ትኽእሉ ኢኹም።

**ትሕቲ ዕድመ እንተ ኾይንኩም,** ወለድኹምን ሓላፍነት ዝወስድሎም ትሕቲ ዕድመ ደቆምን ክተምጽኡ ትኽእሉ።

***ኣስተውዕል***

ብዜይካ ፍሉይ ነገር,ትሕቲ ዕድመ እንተ ኮይነን ከምኡውን ምናልባት ወለደይ እንተሞይቶም/ጠፊኦም፣ ትሕቲ ዕድመ ኣሕዋተይ ከምጽእ ኣይክእልን እየ።

**→ እዚ መስርሕ ክገብሮ ይኽእል ድየ፧**

ናይ ስደተኛ ወረቐት, ካልኣዊ ዕቑባ ወይ ናይ ሃገር ዘይብሎም ወረቐት ዘለኩም እንተ ኾይኑ, መስርሕ ናይ ስድራቤታዊ ጥርናፈ ክትጅምሩ ትኽእሉ።

**→ ኣበየናይ እዋን እየ መስርሕ ናይ ስድራ ቤታዊ ጥርናፈ ክጅምሮ ዝኽእል፧**

ካብቲ ብኦፍፕራ (ናይ ዑቑባ ቤት ጽሕፈት ፈረንሳ ንስደተኛታትን ሃገር ዘይብሎምን) ወይ ሲኣንዲኣ (ሃገራዊ ቤትፍርዲ መሰል ሓተቲ ዕቑባ) ተቐባልነት ዝረኸብኩምሉ, መሰርሕ ስድራቤታዊ ጥርናፈ ክትጅምሩ ትኽእሉ ኢኹም።

**→ ትሕቲ ዕድመ ከለኹ ኣብ ኦፍፕራ ወይ ሲንዲኣ ዕቑባ እንተ ረኺበ ደሓር ልዕሊ ዕድመ ምስ ዝኸውን, መስርሕ ስድራቤታዊ ጥርናፈ ክገብር ይኽእል፧**

እወ እቲ ኣገዳሲ,ትሕቲ ዕድመ ኣብ ዝነበርካሉ ዕቑባ ዝሓተትካሉ'ዩ።

**→ እንታይ እዩ እቲ ፍልልይ ኣብ ሞንጎ ስድራቤታዊ ጥርናፈን (réunification familiale) ምትእኽኻብ ስድሪቤትን (regroupement familial)፧**

ስድራቤታዊ ምትእኽኻብ ነቶም ኣብ ፈረንሳ ካብ ናይ ዕቑባ ወጻኢካብ 18 ኣዋርሕ ንላዕሊ ብሕጋዊ መንገዲ ዝተቐመጡን ንስድራቤቶም ንምቕባል እኹል ኣታዊታት(ዶሞዝ, መንበሪ ገዛ, ወዘተ)

***ኣስተውዕል***

ድሕሪ ኣብ ኦፍፕራ/ሲንዲኣ (OFPRA/CNDA) ዕቑባ ምርካብካ እንተ ተመርዒኻ, መስርሕ ሲድራቤታዊ ጥርናፈ (réunification familiale) ክትገብር ኣይትኽእልን ኢኻ።ኣብዚ ጉዳይዚ, ስድራቤታዊ ምትእኽኻብ (regroupement familial) ክትገብር ትኽእል።


## ጽማቕን
## ዓበይቲ መድረኻትን

**1.**

**ንናይ ቪዛ ሕቶ ፋይለይ ይምስርት**
ገጽ 7


**መድረኽ 1**

**ፋይለይ ይምስርት**
ገጽ 8





**መድረኽ 2**

**ኣብ ዌብሳይት ናይ France-Visas ፎርም ክመልእ ኣለኒ**
ገጽ 10




**መድረኽ 3**

**ኣብ ኢምባሲ ፈረንሳ ንስድራ ቤተይ ቆጸራ ይሕዝ**
ገጽ 12




**2.**

**እቲ ኢምባሲ ንናይ ቪዛ ሕቶይ የሰላስሎ/የካይዶ**

ገጽ 15



**መድረኽ 4**

**ፎርም ናይ BFR ይመልእ**

*(ቤት ጽሕፈት ናይ ስደተኛታት ስድራቤት)*

ገጽ 16

**መድረኽ 5**

**እቲ ኢምባሲ መልሲ ንኽህበኒ ይጽበ**

ገጽ 17

**3.**

**እቲ ኢምባሲ ውሳነ ይህብ**

ገጽ 19







**እቲ ኢምባሲ ብኣወንታ ይምልስ**

ገጽ 20

**ኢምባሲ ኣይመለሰን**

ገጽ 21

**ኢምባሲ ብኣሉታ ይምልስ**

ገጽ 22


DEMANDE DE VISA
PHOTO
NOM:
NOM DE NAISSANCE:
PRÉNOM(S):
SEXE:
M F
Partie réservée à l'administration

# 1.


# ናይ ቪዛ ሕቶ ፋይለይ ይምስርት

ስድራቤተይ ኣብቲ ዘላቶ ሃገር ኣብ ኢምባሲ ፈረንሳ ናይ ናይ ነዊሕ መቐመጢ ቪዛ ሕቶ ክተቐምጥ ኣለዋ።

**በየናይ እየ ክጅምር ዘለኒ፧**

# መድረኽ 1

# ንናይ ቪዛ ሕቶ ፋይለይ ይምስርት



## ኣብ ፈረንሳ ኣለኹ

**እዞም ዝስዕቡ ወረቓቕቲ ከኣኻኽበም ኣለኒ :**

- ፎርም France-Visas (cf. p. 10).
- መጸዋዕታ ኣብ ማእከል ናይ ቪዛ ወይ ኣብ ኢምባሲ።
- ናይ መንነት ስእሊ ናይ ስድራቤተይ።
- ቀዳሕ ብድሕሪትን ብቕድሚትን ናተይ ቲትኽ ዲሰጁኽ ወይ ረሰፒሰ(ብዜይካ መሰነይታ ዘይብሎም ትሕቲ ዕድመ ምናልባት እንተዘየለ)
- ውሳነ ኦፍፕራ ወይ ሲኦንዲኣ
- ናይ ትውልዲ ምስክር ወረቐት ናይ ኦፍፕራ*
- ንእሽቶይ መጽሓፍ (livre de famille) ናይ ስድራቤት ኦፍፕራ*
- ናይ መርዓ ምስክር ወረቐት ናይ ኦፍፕራ*
- ናይ ልዕሊ 6 ወርሒ ኣብ መስርሕ ዘሎ ፓስፖርት ናይ ኣባላት ስድራቤተይ።
- ናይ ኣባላት ስድራቤተይ ናይ ትውልዲ ምስክር ወረቐት።
- ናይ መርዓ ምስክር ወረቐት።
- ምናልባት ምፍልላይ እንተሎ : ናይ ቤት ፍርዲ ፍትሕ /ወይ ናይ ቤት ፍርዲ ናይ ወለዲ ውክልና፣ ነቶም ዉሉዳት/ቁልዑ ንምምጻእ።

* ድሮ ቅቡል እንተኾይኑ.

- ምናልባት ምጻምድተይ ሞይቱ እንተኾይኑ: ናይ ሞት ምስክር ወረቐት፣
- ኩሎም ሰነዳት ምስታ ስድራቤት ዝተኣሳሰሩ (ናይታ ስድራቤት ስእልታት,ብመሰጅ ዝርርብ, ደወል ናይ ቪድዮ, ናይ መስደዲ ገንዝብ, ካርዲ ናይ ክታበት, ናይ ቤት ትምህርቲ ምስክር ወረቐት...)
- ኣድራሻ ናይ ቤተሰበይ ናይቲ ዝርከብሉ ሃገር።

**ኩሉ እዚ ሰነዳት ክህልወኒ ግዴታ ኣይኮነን, ግን ብዝተኻእለ መጠን ከኣኻኽበም ይፍትን።**

**መሰነይታ ዘይብሎም ትሕቲ ዕድመ (MNA):**

- ቅዳሕ ናይ ትሕቲ ዕድመ ግምገማ(ምናልባት ኣባላት ስድራቤት ናይቲ MNA ዝተጠቕሱ ዝተፈለዩ እንተኾይኖም)።
- ቅዳሕ ናይ OPP, ፍርዲ ናይ ትምህርታዊ ሓገዝ ወይ ናይ ሞግዚት ውሳነ።
- ናይ ደገፍ ምስክር ናይ ማሕበራዊ ሓገዝ ህጻናት(ASE)።
- ናይቲ ናይ ማሕበራዊ ሓገዝ ህጻናት እቲ ትሕቲ ዕድመ ስድራቤታዊ ጥርናፈ ከምዝደለ ዘመስኪር/ዝረጋግጽ ደብዳበ ብተወካሊ።

**እቶም ብናይ ወጻኢ ቋንቋ ዝቐርቡ ሰነዳት ብማሕላ ዝፈጸመ ተርጓማይ (traduction assermentée) ክትርጎሙ ኣለዎም።**

ናይ ቤተሰበይ መንነት መርትዖ ከቕርብ ኣለኒ ከሙኡውን እቲ ቀጻሊ ስድራቤታዊ ርክብ ዘመስክር ምስ ስድራ ቤተይ ኣብ ደገ ዘለዉ ።

ናይ ገለ ዝጎደሉ ሰነዳት/ዶኩመንት ምኽንያት ከቕርብ ኣለኒ. ብመሰረት እቲ ኩነታት, ፋይለይ ኣብዚ ዘይተጠቕሱ ካልኦት ዶኩመንታት ክሕዝ ይኽእል እዩ።

**ኣስተውዕል**


ሰበስልጣናት ፈረንሳ ነቲ ኣብ ኦፍፕራ ዘሃብክዎ ሓበሬታታት ዝሰማማዕ እንተ ኾይኑ ከረጋግጽዎ እዮም(ስም ኣቦ, ስም, ዕለትን ቦታን ትውልዲ ናይ ኣባላት ስድራቤተይ, ብዝሒ ቆልዑ...)።
ኣብቲ ስቪላዊ ኩነታት ዝእረም እንተሎ ብደብዳበ ጌይረ ንኦፍፕራ ይሕብር።



# ኣብ ወጻኢ ኣለኹ



ብዝተኻእለ መጠን ዝእከብ ዶኩመንት ኣኪበ ቅዳሕ ወይ ስእሊ ነቲ ኣብ ፈረንሳ ዘሎ ቤተሰበይ (ናተይ ፓስፖርት, ናይ ትውልዲ ምስክር ወረቐተይ, ናይ ዝተራኸብናሉ ስእልታት, ውዘተ)።



**መገሻይ ኣቓዲመ ክውጥኖ ኣለኒ** (መጎዓዝያ, መቓመጢ, ናይ መእተዊ ቪዛ ካልእ ሃገር እንተ ኾይኑ, ዋጋ, ወዘተ።) እዚ ግን ቅድሚ'ቲ ቆጸራ ኣብ ኢምባሲ ፈረንሳ እዩ።


**ኣስተውዕል**

እንተ ደኣ ናይ ቪዛ ሕቶይ ካብ ሞቦቆል ሃገረይ ወጻ ኢ ኣብ ካልእ ሃገር ኮይነ ክሓትት ዘለኒ, ኣብቲ ሃገር ከመይ ገይርካ ብሕጋዊ መንገዲ ትኣቱን ትወጽእን ንምፍላጥ ሓበሬታ ክረከብ ኣለኒ።



# መድረኽ 2

# ኣብ ዌብሳይት France-Visas ፎርም ክመልእ ኣለኒ



# ኣብ ፈረንሳ ኣለኹ

**→ ስድራቤተይ ፓስፖርት እንተ ዘይ ብሎም እንታይዩ ዝግበር፧**

***ለሰፓሰ (laissez-passer) ክሓትት ይኽእል።***
ነዚ ንምግባር, ነቲ ፎርም ናይ France-Visas ቅጥዒ ንምምላእ ናይ ሓሶት ቁጽሪ(XXX000) ፓስፓርት ይእትወሉ።

**ኣብ ዌብሳይት ናይ** **France-Visas**
ይኸይድ።. ድሕሪ ኣካውንት ምኽፋተይ,ነቲ ፎርም ናይ ቪዛ መሕተቲ ንናይ ነፍሰወከፍ ኣባልት ስድራቤት ይመልኡ።

**ኣስተውዕል**
ኣብ ገለ ሃገራት, ፓስፖርት ክህልወካ ጊድንዩ ምኽንያቱ ለሰፓሰ (*laissez-passer*) ኣይፍለጥን እዩ።

# ኣብ ወጻኢ ኣለኹ

**ኣብ ፈረንሳ ንዘላ ስድሪቤተይ ናተይ ሓበሬታ ይህባ**
ከምኡውን ኣድራሻይ(ቁጽሪ ተለፎነይ, ናይ ኢሜል ኣድራሻ,ናይ ቡስጣ ኣድራሻ)።

**ኣብቲ ግዜ ናይ ''ቪዛ ሕቶ'' ሓደ ዓይነት ተለፎንን ኢሜይ ልን ንኽሕዝ ጥንቃቐ ይገብር።**

# መድረኽ 3

# ንስድራቤተይ ኣብ ኢምባሲ ፈረንሳ ቆጸራ ይሕዝ

## ኣብ ፈረንሳ ኣለኹ

→ **ኣበይየ ንቤተሰበይ ቆጸራ ክሕዘሎም ዘለኒ፧**

ኣብ **France-Visas** **ኮነክት ይኸውን/ይኣቱ** መታን ኣበይን ብኸመይን ቆጸራ ንምሓዝ ንምርኣይን መንዩ ነቲ ቆጸራ ሓላፍነት ዝወስደሉን ንምፍላጥ።

**ኣብ ዌብሳይት ናይቲ ኢምባሲ ቆጸራ ይሕዝ** ወይ ኣብቲ ማእከል ናይ ቪዛ ኣብ France-Visas (VFS, AEG, CAPAGO, TLS, SogeBank...) ዝተሓበረ።

**ኢምባሲ ወይ ማእከል ቪዛ ነቲ ቆጸራ የረጋግጾ።**

እቲ ናይ ቪዛ ሕቶ ይኽፈሎ እዩ። ነቲ ዌብሳይት ናይ France-Visas ተጠንቂቑ የንብቦ መታን ነቲ ናይ ምጥፍፋእ ንምውጋድ።

እንተድኣ ብኦንላይን ቆጸራ ክሕዝ ዘለኒ ኮይኑ፣ ኣብ ማእከል ናይ ቪዛ (VFS, AEG, CAPAGO, TLS...),ናይ ባንኪ ካርዲ ከድልየኒ ይኽእል እዩ ወይ ናይቲ ዓዲ ተሌፎን ናይ ፈረንሳ ዘይኮነ።

ቆጸራ ንኽትረክብ ትጽበዮ ግዜ ሓደ ሓደ ግዜ ብጣዕሚ ነውሕ ክኸውን ይኽእል እዩ።

**ኣብ ገለ ሃገራት, ቆጸራ ንምሓዝ ስድራቤተይዮም ኣብቲ ቦታ ኮይዶም ቁጸራ ክሕዙ ዘለዎም።**

**ቅድሚ ቆጸራ ኣብ ኢምባሲ,** ነቲ ፋይል ናይ ''ቪዛ ሕቶ'' ኣብ ደገ ንዘላ ስድራቤተይ መታን ቅዳሕ ንኽትሕዝ የሰደላ።

ድሕሪ ምእታው/ምሕታት ናይ ቪዛ ሕቶ ናይቶም በተሰበይ, **በቲ ኢምባሲ** ወይ ናይ ማእከል ቪዛ(VFS, AEG, CAPAGO, TLS...) **ዝተዋህበ ናይ ቅብሊት ቅዳሕ ይወስዶ።**

**እዚ ሰነድ ነቲ ናይ መጀመርታ መስርሕ ዕለትን ቁጽሪ ፋይል ናይ ቪዛ ሕቶን ይሕብር።**

**ትሕቲ ዕድመ ደቀይ በቲ ብጽሑፍ ሕድሪ ዝሃብክዎ በቲ ልዕሊ ዕድመ ሰብ ክስነዩ ኣለዎም መታን ኣብ ኢምባሲኣብ ቆጸርኦም ክርከቡ።**

---

# ኣብ ወጻኢ ኣለኹ

**ኩሉ ፋይላተይ ፕሪንት ይገብሮ,** ከምኡውን ኦርጅናል ዘኾኑ ሰነዳተይ የምጽእ (እንተለኒ), ኣብቲ ናይ ቆጸራ መዓልቲ።

ኣብ ወጻኢ ሃገር እንተለኹ ድማ, ኣብቲ መወዳእታ ናይቲ ቆጸራ, **ፓስፖርት ናተይ ንኽይርስዖ ጥንቃቐ ይገብር።**

**ምሳይ ሒዘዮ ዝኸድይ ገንዘብ ክርስዖ የብለይን ነቲ ክፍሊት ናይ ፋይል ንምኽፋል** (ንነፍሲ ወከፍ ቪዛ 99 euros በቲ ገንዘብ ናይቲ ዓዲ ይሽርፍ) ከምኡውን ናይ ኣገልጉሎት ክፍሊት እንተሎ።

**እቲ ቅብሊት ናይቲ ኢምባሲ ወይ ናይቲ ማእከል ቪዛ ይዕቅቦ** ፋይል ከምዝእተኹ ሓደ ምስክር እዩ።

→ **ኣብ ቆጸራይ ኣይተረኽብኩን፤**
**ምስቲ ኢምባሲ ወይ ማእከል ቪዛ** (VFS, AEG, CAPAGO, TLS...) **ርክብ ይገብር** መታን ብዛዕባ እቲ ኩነታት ክሕብሮምን ከምብሓድሽ ቆጸራ ንምሕታትን።


19 20 21
24 25 26 27 29
30 31

## 2.

# እቲ ኢምባሲ ናይ ቪዛ ሕቶይ የክታተሎ


እቲ መስርሕ ናይ ገደብ ግዜ ነዊሕ ክኸውን ይኽእል’ዩ።
**ብማእከላይ ገምጋም ኣብ ሞንጎ**
**2 ን 8 ኣዋርሕ ዓቕሊ ክገብር ኣለኒ**

# መድረኽ 4


# ፎርም ናይ BFR ይመልእ

## (ቤት ጽሕፈት ናይ ስደተኛታት ስድራቤት)

### ኣብ ፈረንሳ ኣለኹ





**ቤትጽሕፈት ናይ ስደተናታት ስድራቤት(BFR) ናይ ሓበሬታ ፎርም ይሰዱለይ።**ነቲ ፎርም ይመልኦ ከምኡውን ብማሕበር/ብሰብ ይሕገዝ።




**ተሓተቱ ሰንዳት/ዶኩመንት ይሰደሎም።** ገለ ዝተሓተቱ ሰነዳት እንተዘይ ብለይ (ንኣብነት : ናይ ስደተኛ ፓስፖርት), ኣብቲ ዝስደድ ደብዳበ ነቲ BFR ይሕብሮ።

### ኣብ ወጻኢ ኣለኹ

**ዓቕሊ ክገብር ኣለኒ.**
ኣብ ኢምባሲ ምኻድ ኣገዳሲ ኣይኮነን።



## መድረኽ 5

# እቲ ኢምባሲ ሓደ መልሲ ክህበኒ ይጽበ

## ኣብ ፈረንሳ ኣለኹ

**1ይ ኩነታት**

**ብዘይ ዝኾነ ሓበሬታ ናይ ምንዋ ሕ ናይቲ መስርሕ።** ድሕሪ ክልተ ኣዋርሕ ናይቲ ቆጸራን ብዘይ ዝኾነ ሓበሬታ ናይቲ መስርሕ ምንዋሕ, ኣብ ኮሚሽን ናይ ይግባይ ኣንጻር ናይቲ ዝተነጽገ ቪዛ ናይ ይግባይ ሕቶ የእቱ(CRRV)። ነዚ ናይ ይግባይ ናይ ምእታው ሓደ ወርሒ ኣለኒ።
ኣብዚ ጉዳይ, ብጠበቓ ወይ ብማሕበር ይሕገዝ።

**2ይ ኩነታት**

**ሓበሬታ ናይቲ መስርሕ ምንዋሕ፣ ነቶም ናይ ወጻኢ ወረቓቕቲ ንምጽራይ - ገደብ ግዜ 4 ኣዋርሕ (ሓደ ግዜ ይሕደስ).**

## ኣብ ወጻኢ ኣለኹ

**ዓቕሊ ክገብር ኣለኒ።** ኣብ ኢምባሲ ምኻድ ኣድላዪ ኣይኮነን።

ብዛዕባ መስርሕ ናይ ሕቶይ፣ ፎርም ናይ መራኸቢ ናይቲ BFR ብምምላእ ክሓትት ይኽእል, ወይ ብቐጥታ ናብ ኢምባሲ ብምጽሓፍ።ድሕሪ'ቲ ቆጸራ እቲ ኢምባሲ ነቲ መስርሕ ክሳብ 8 ኣዋርሕ ከናውሖ ይኽእል።



# 3.

# እቲ ኢምባሲ ሓደ ውሳነ ይህብ

**ብዙሕ ተርእዮታት ክቐርቡለይ ይኽእሉ እዮም :**
እቲ ኢምባሲ ንስድራቤተይ ቪዛ ክህቦም ይኽእል, ወይ ክነጽጎም  ይኽእል።

**ብምሰረት እቲ ዝተወስደ ስጉምቲ እንታይ መስርሕ ይካየድ፧**

# እቲ ኢምባሲ ብኣወንታ ይምልስ





## ኣብ ፈረንሳ ኣለኹ

**ምስ ስድራቤተይ ኮይነ, እታ ስድራቤተይ ትቕመጠላ ዘላ ሃገር፣ ኩንታት ምውጻእ ካብቲ ሃገር የጻርዮ።**

ንስድራቤተይ ኣብ ምውጣን ናይቲ ጉዕዞ ይሕግዛ(ናይ ኣየር ትኬት ወዘተ)።

እቲ ትሕቲ ዕድመ ውላደይ በይኑ እንተ ኾይኑ ዝጉዓዝ, ናይ መገሻ ፍቓድ ይጽሕፍን ነታ ኩባንያ ናይታ ኣየር ውላደይ ኣብቲ ናይ መገሻ ግዜ ከሰንይዎ ዝኽእሉ እንተኾይኖም ይሓቶም።



## ኣብ ወጻኢ ኣለኹ

**ኣብ ኢምባሲ ይኸይድ,ፓስፖርተይ ይወስዶ (ወይ ለሰፓሰ/*laissez-passer*) ከምኡውን ቪዛይ።**

**3 ኣዋርሕ ኣለኒ** ናብ ፈረንሳ ንክኸይድ።


**ኣስተውዕል**

fasax a **በቲ ለሰፓሰ/laissez-passer, ንፈረንሳ ንክኸይድ 1 ወርሒ ጥራይ እዩ ዘለኒ።.**

ናይ መውጽኢ ቪዛ ዘድሊ እንተኮይኑ ወይ ናይ መቐጢ ክፍሊታት, ኣድላዩ መስርሕ የካይድ።



# እቲ ኢምባሲ ኣይ መለሰን



## ኣብ ፈረንሳ ኣለኹ

**ኣብተን መወዳእታ 8 ኣዋርሕ, መልሲ እንተዘይ ረኺበ,** እዚ ማለት እቲ ኢምባሲ ነቲ ሕቶ ብዘይ ግሁድ መንገዲ ነጺግዎ ኣሎ ማለት እዩ።

**ምስቲ ኢምባሲ ርክብ ይገብር** ናይ ምድንጓይ ከምዘይምኳኑ ንምርግጋጽ ከምኡውን ምኽንያት መንጸጊ ይሓትት ምኽንያቱ ኣብ ገላ ጉዳያት ልዕሊ 8 ኣዋርሕ ክጽበ ይኽእል እዩ።




## ኣብ ወጻኢ ኣለኹ

**ምስቲ ኢምባሲ ርክብ ይገብር**

ብዛዕባ ደሃይ ናይ ቪዛ ሕቶይ ንምፍላጥ።




# እቲ ኢምባሲ ብኣሉታ ይምልስ



## ኣብ ፈረንሳ ኣለኹ

**ሓደ ወርሒ ኣለኒ ኣብ CRRV እግባይ ንምባል።** ኣብዚ ጉዳይ, ብጠበቓ ወይ ብማሕበር ይሕገዝ።

**ምናልባት ብወገን CRRV ምንጻግ እንተሎ, ብሓገዝ ጠበቓ ኣብ ምምሕዳራዊ ቤት ፍርዲ ኖንት(Nantes) እግባይ ክብል ኣለኒ።** ብመሰረት ኣታዊታተይ ነቲ ናይ ጠበቓ ወጻ ኢታት ንምኽፋል ናይ ፍርዳዊ ሓገዝ (*aide juridictionnelle*) ክሓትት ይኽእል።



**መስርሕ/ኣገባብ ናይ ስድራቤታዊ ጥርናፈ**
ነዊሕ ክኸውን ይኽእል እዩ።
ብሓንቲ ማሕበር,
ማሕበራዊ ተሕጋጋዚኹም ወይ ካልኦት ሰባት
ንኽትሕገዙ ኣይትጠራጠሩ።

ሕቶታት እንተለኩም ኮይኑ:
**reunifications@croix-rouge.fr**

Illustrations: Anaïs Loué - studio 1+1 / Maquette : Sandra Pasini


**SERVICES ADMINISTRATIFS**
CAMPUS CROIX-ROUGE FRANÇAISE
21, rue de la Vanne CS 90070
92126 Montrouge Cedex
Tél. : 00 33 (0) 1 44 43 11 00 - www.croix-rouge.fr

**SIÈGE SOCIAL**
98, rue Didot 75694 Paris Cedex 14


CROIX-ROUGE FRANÇAISE